# ሓባሪ ወረቐት ናይ ንኣለይቲ ኩሎም ኣብ ናይ ስድራቤታት ጉዳያት

## I. ሓፈሻዊ ሓበረታ

ናይ ምንክብኻብ ሓላፍነት ምስካም ማለት ኣገዳሲ ሃገራዊ ግደታ ምምላእ ማለት ኢዩ። እዚ ዘይክፈሎ ኣገልግሎት ንምሃብ ሓላፍነት ምስ እትወስድ ድማ ነቲ ሓገዝካ ዝጽበ ሰብ ዘድልዮ ዘበለ ነገራት ሓላፍነተይ ኢልካ ከተማልኣሉ ይግባእ።

ንሰባት ናይ ምንክብኻብ ሓላፍነት ኣብቲ ቡርገርሊሸስ ገዘትስ ቡኽ ዝተባህለ ናይ ሕዚ መጽሓፍ (ካብ ዓንቀጽ 1776, 1777; 1809 ክሳብ ዓንቀጽ 1813) ሰፊሩ ይርከብ።

ከምቲ ዓንቀጽ 1813 ቤጌቤ ዝብሎ ድማ እተን ናይ ምንክብኻብ ሓላፍነት ዝምልከታ ሕግታት ኣብ ዓንቀጻት 1773 ክሳብ 1808 ሰፊረን ይርከባ። ነዘን ተጠቒሰን ዘለዋ ሕግታት ንኽተንብበን ድማ ንላበወካ።

ቤት ፍርዲ ድማ ነቲ ስራሕካ ይቆጻጸሮ፥ ከምኡውን ምስ ስራሕካ ዝምልከት ሕቶታት ዝህልወካ ምኽሪ ብምሃብ ይተሓባበረካ።

ቤት ፍርዲ ንስራሕካ ብዝምልከት ሓበረታ ምስ ዝደልይ ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ሕቶኡ ክትምልሰሉ ትግደድ።

እቲ ንስኻ እትኣልዮ ሰብ ብሰንኪ ሸለልትነት ናትካ ጉድኣት ምስ ዝገጥሞ ተሓታቲ ንስኻ ምኹዋንካ ክትፈልጥ ይግባእ፥ ብፍላይ ድማ እቲ ንስኻ እትኣልዮ ሰብ ንኽነብር ዘድልይዎ ጠለባት ብኽፋእ ከየመላእካሉ ምስ እትተርፍ። ብሰንኪ ሸለልትነት ክመጸካ ንዝኽእል ናይ ካሕሳ ክሲ ኢንሹራንስ ክት ኣትው ትኽእል ኢኻ ፡ ነዚ ዝምልከት ሓበረታ ድማ ካብ ቤት ፍርዲ ክትረኽቦ ትኽእል።

ገንዘብ ናይቲ ኣላዪ ሰብ፣ እት ንናቶም ናቶም ወጻኢታት ዘድሊ ዘበለ (ኣድላዪ ዝኾነ ገንዘብ)፣ ኣብ ሓደ ናይ ተንቀሳቓሲ ገንዘብ ሕሳብ ናይቲ ኣላዪ ሰብ ኣብ ሓደ ናይ ልቓሕ ባንክ ተዓልዩ ክጸንሕ ክግበር ኣለዎ። ገንዘብ ናይቲ ኣላዪ ሰብ፣ እቲ ከም ኣድላይ ዝኾነ ገንዘብ ከድሊ ዘለዎ ዘይኮነ ድማ፣ ክቕመጥ ዘለዎ (መኽሰብ ዝርከቦ ምቕማጥ ገንዘብ) ገርካ፣ ማለትሲ ኣብ ሓደ ወለድ ዝርከቦ ናይ ምቕማጥ ዝበቕዕ ሕሳብ ቁጽሪ ናይቲ ኣላዪ ሰብ ኣብ ሓንቲ ናይ ልቓሕ ዝውሰዳ ባንክ (መኽሰብ ዝርከቦ ሕሳብ) እዩ። እታ ዝኾነት ናይ ልቓሕ ገንዘብ ትህብ ባንክ ድማ ናይ ግድን እዩ ንሓደ ናይቲ ዝኾነ ዝተቐመጣ ገንዘብ እኹል ዝኾነ ናይ ውሕስነት ትካል ኣባል ክትከውን ኣለዋ። ንሓደ ካልእ ናይ ምቕማጥ መልክዕ ግን ፣ እታ ናይ ስድራቤት ቤት ፍርዲ ፍቓድ ክትህበሉ ኣድላዪ እዩ።

## II. እቲ ንስኻ እትኣልዮ ሰብ ካብ ወለዱ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ተጸባይ ምስኸውን

ዝቕጽላ ነጥብታት ብዑቱብ ክንሕብረካ ንፈቱ፥

1. ሓላፍነትካ ልዕሊ ኹሉ እቲ ብቤት ፍርዲ ንውላዱ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ንኽገብር ዝተገደደ ወላዲ ሓገዝ ምሃቡን ዘይምሃቡን ምቁጽጻር ይኸውን። ነዚ ኣመልኪትካ ድማ ነቲ ወላዲ ብጽሑፍ ሓገዙ ንኸበርትክ ትሓቶ። ጉዳይ ምሕጋዝ ውሉድ ኣብ ቡርገርሊሸስ ገዘጽ ቡኽ ካብ ዓንቀጽ ክሳብ ዓንቀጽ ሰፊሩ ይርከብ። ጉዳይ ሓገዝ ናይቲ ቖልዓ ምስ ኩነታት መነባብሩኡ ዝተሓሓዝ ክኸውን ከሎ ነቲ ንኽነብር፥ ንኽመሃር ከም ኡውን ንኽናበይ ዘድልይዎ ወጻኢታት ክሽፈኑሉ ይግባእ። ክንድዝ እን ገንዘብ ጥራይ ይኣኽልኦ ዝብል ሓፈሻዊ መምርሒ የልቦን። ወላዲ ብሰንኪ ሓገዝ ንውሉዱ ናይ ቁጠባዊ ጸገም ዝመጾ ውን

እንተኾነ ንኽከፍል ይግደድ። ወላዲ ጽጉም ምስ ዝኸውን ነቲ ዝረኸቦ ገንዘብ ምስ ውሉዱ ማዕረ ንኽካፈሎ ይግደድ። እቲ ንኽኸፍሎ ዝግደዶ ዘንዘብ ምስ ኣታዊኡ ዝዛመድ ይኸውን።

2. ወለዲ ዝህብዎ ገንዘብ ብዘይ ምጉዳል ንደቆም ናብ ዝወጽእ ሃልኪ ከተውዕሎ ትግደድ።

3. ወላዲ እቲ ንውሉዱ ክህቦ ዝግባእ ገንዘብ ምስ ዘይህብ መጠንቀቕታ ክትሰደሉን ምስ ዘይምልስ ድማ ብሽም ውሉዱ ክትከሶ ይግበኣካ። ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ብዝምልከት ኣብ ምምሕዳር ከተማ ክፍሊ መናእሰያት ከም ኡውን ቤት ፍርዲ ከማኽሩኻ ይኽእሉ።

## III. ነቲ ኣለያ ሞግዚነት ዝውደኣሉ ግዜ

ኣገልግሎትኩም ዝውዳእ

ሀ) በቲ ናይ ክለዓል ምግባር ናይ ምእላይ ኣገልግሎት በታ ናይ ስድራቤት ቤት ፍርዲ።

ለ) ኣብ ሓደ ናይ ኣለያ ሞግዝነት ንሓደ ኣብ ትሕቲ ናይ ወለዲ ኣለያ ወይድማ ኣብ ትሕቲ ወካሊኡ ዘለዎ ዝርከብ ሰብን፣ ምስቲ ናይ ወለዲ ኣለያ ወይድማ ወካሊኡ ሰብን ጠጠው ምስ ዝብልን እዩ።

ሐ) ኣብ ሓደ ናይ ኣለያ ምግባር ኣገልግሎት ንሓደ ዘይተወልደ ቆልዓ፣ ምስቲ ምውላድ ናይቲ ቆልዓ።

መ) ኣብ ሓደ ናይ ኣለያ ሞግዝነት ንሓደ ሓደ ኣድለይትታት ምስላጥ፣ ምስቲ ፈጺምካዮ ዝወደእካ እዩ።